2022-01-28

ንወለድን ኣለይትን

REGION KRONOBERG

# ብዛዕባ ዓመጽ ቆልዓ ዚምልከት ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምሕባር ዘድሊ ሓበሬታ

**እቶም ኣብ ጥዕናን ክንክን ጥዕናን ንሰርሕ ሰባት፡ ብዛዕባ ዓመጽ ቆልዓ ክንሕብር ግዴታ ኣሎና።**
እቶም ኣብ ጽላት ክንክን እንሰርሕ ሰባት፡ ቆልዓ ይዕመጽ ከምዘሎ ወይ ንኽዕመጽ ሓደጋ የንጸላልዎ ኣሎ ኢልና ንጥርጥር እንተ'ኼንካ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ዚምልከት ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክንሕብር ግዴታ ኣሎና።

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ንስኹም ከም ወላዲ/ኣላዪ መጠን ከምኡውን ውላድኩም፡ እቲ ዘድልየኩም ደገፍን ሓገዝን ትረኽቡ ከምዘለኹም ከረጋግጽ እዩ። ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና፡ ስድራቤትኩም፡ ሓገዝን ደገፍን የድልዮ ከምዘሎ ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክሕብሩ ይግባእ፣ ነቲ ቆልዓ ብዝበለጸ ዝረብሕ ስጉምቲ ድማ ኩሉ ግዜ ንወስድ።

**ዓመጽ ቆልዑ ከምእተፈጸመ ምስተሓበረ፡ ስዒቡ ዚኸውን ነገር እንታይ እዩ?**
ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ እቲ ቆልዓ፡ ህጹጽ ሓለዋ ዘድልዮ እንተኾይኑ ንምርኣይ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ገምጋም ኸካይድ እዩ። እቲ ቆልዓ፡ ንዓመጽ ተቓሊዑ ኣሎ ወይ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዓመጽ እናተፈጸመሉ ይነብር ኣሎ ዝብል ጥርጣረ እንተልዩ፡ መርመራ ብህጹጽ ከምዝጅመር ክኸውን እዩ።

ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ምስ ስድራቤት ዝዘራረበሉ መባእታዊ ገምጋም የካይድ እዩ። ድሕሪኡ ድማ እቲ መርመራ ይጅምር እኳ እንተኾነ፡ እቲ ቆልዓ፡ ይዕመጽ ከምዘሎ ወይ ስድራቤት ደገፍ የድልያ ዝብል ጥርጣረታት እንተልዩ ጥራይ እዩ። መርመራ ኸካየድ ዘድሊ እንተኾይኑ ዚውስን፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እዩ።

**መርመራ ኣብ ዝግበረሉ እዋን፡ ስዒቡ ዚኸውን ነገር እንታይ እዩ?**
መርመራ ኸካየድ ዘድሊ እንተኾይኑ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ምሉእ ስእሊ ኩነታት ናይቲ ቆልዓን ስድራቤትን ንምርካብ፡ ብዙሕ ግዜ ምስ ካልኦት ወገናት፡ ንኣብነት፥ ምስ ማእከል ክንክን ጥዕና ቆልዑ፡ ቅድመ-ትምህርትን ቤት ትምህርትን ይራኸብ እዩ። ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ድማ ካብቶም ክረከቡ ዝኽእሉ ኣካላት ሓደ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ዝርዝር ውልቃዊ ሓበሬታ ክንህብ ንግደድ ኢና፣ ሓበሬታ ብምስጢር ኣይተሓዝን እዩ።

መርመራ፡ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክውዳእ ይግባእ። እቲ መርመራ ክሳዕ ዝካየድ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ እቲ ቆልዓን ስድራቤትን እንታይ ዓይነት ሓገዝን ደገፍን ከድልዮ ከምዝኽእል ወይ እቲ ቆልዓ ሓለዋ ኽግበረሉ ዘድልዮ እንተኾይኑ ክውስን እዩ።

ከም ወላዲ/ኣላዪ መጠን ሓበሬታ ንኽውሃብ ፍቓድ ትህቡ እንተሊኹም፡ ብዛዕባ ውጽኢታት መርመራ ዚምልከት ኣገልግሎታት ክንክን ጥዕና ከምዝሕበሩ ኽግበር ይከኣል እዩ።